# ናይ ፍትሓዊ ፍርዲ ብሮሹር
# (Fair Hearing Brochure)

Washington State
Supplemental Nutrition Program (ተወሳኺ መደብ ኣመጋግባ)
For Women, Infants and Children (WIC፣ ንደቂ ኣንስትዮን፣ ሕጻናትን ከምኡ'ውን ቈልዑን)

Washington WIC Program

DOH 962-105 November 2023 Tigrinya

# ፍትሓዊ ፍርዲ እንታይ እዩ?

ፍትሓዊ ፍርዲ ሕጋዊ ዝኾነ ፍርዲ እዩ። ኣብ ፍትሓዊ ፍርዲ ዛንታኻ ንሓደ ዳኛ ትነግሮ ኢኻ። እቲ ዳኛ ኻብ መደብ Women, Infants and Children (WIC, ናይ ደቂ ኣንስትዮን፣ ሕጻናትን ከምኡ፣ውን ቈልዑን) ኣይኰነን። እቲ ዳኛ ናይ WIC ፕሮግራም ንዓሓ ብፍትሓዊ መገዲ ከምዛንገደካ እንተ ኸይኑ ይውስን።

## ንፍትሓዊ ፍርዲ እንሓትተሎም ምኽንያታት እንታይ እዮም?

ነዚኦም ዚስዕቡ እንተኣንጊድካ ን WIC ፍትሓዊ ፍርዲ ክትሓትት ትክዕል ኢኻ፡-

- ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ነቲ ፕሮግራም ብቑዕ ከም ዘይኰንካን እንተነጊሩካን ከምዝተጋገዩ እንተሰሚኡካ።
- ካብቲ ፕሮግራም የውጽኣካ እንተልሎን እዚ ኸኣ ዘይፍትሓዊ ኾይኑ እንተተሰሚዕካ።
- ነቲ ፕሮግራም ገንዘብ ክትመልሰሉ እንተሓቲቱካ።

## ንፍታሓዊ ፍርዲ ከመይ ገይረ ክሓትት እክዕል?

ናይ ፍትሓዊ ፍርዲ ፎርም ትመልዕ ወይ ደብዳበ ትጽሕፍ እሞ ናብዚ ኣድራሻ እዚ ትሰድዶ፡-

> Department of Health  
> Adjudicative Service Unit  
> P. O. Box 47879  
> Olympia, WA 98504-7879

ኣብቲ ደብዳበ ሽምካ፣ ኣድራሻኻ፣ ሽም እቲ ክሊኒክ WIC፣ ከም'ኡውን ፍትሓዊ ብዝኾነ መገዲ ፍትሒ እትደሊየሉ ምኽንያት ክትህብ ኣሎካ። ብኽብረትኩም ተርጓሚ ዘድልየኩም እንተ ኾይኑ ንገሩና።

## ንፍትሓዊ ፍርዲ ምስትሓትተሎ ግዘን ናይ ግዘ ገደብ ኣለዎ ድዩ?
እወ። ን WIC ብቁዕ ኣይኮንካን፣ ካብቲ ፕሮግራም ኣውጺናካ ኢና፣ ወይ ነቲ ፕሮግራም ገንዘብ መሊስካ ክትከፍል ኣሎካ በምባል ዝገልጽ ደብዳበ ካብ ዚወጸሉ መዓልቲ ጀሚሩ ንፍትሃዊ ፍርዲ 60 ምመዓልትታት ኣሎካ።

## ናይ WIC ናይ መግቢ ረብሓታት ምርካበይ ክቕጽል ድየ?

ኣብቲ ን WIC ብቑዕ ዝኾንካሉ እዋን እንተድኣ ኣሊኻ ናይ WIC መግቢ ረብሓታት ክትረክብ <u>**ትኽእል ትኸውን**</u> **ኢኻ** ከም'ኡውን እታ ደብዳበ ኻብ WIC እትወጽእ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ፍትሓዊ ፍርዲ ክትሓትት ትክእል ኢኻ።

እቲ ብቑዕ ዝኾንካሉ እዋን እንተ ድኣ ተዛዚሙ መግቢ **ኣይክትረክብን ኢኻ**።

እታ ደብዳበ ኻብ እትወጽእ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ንፍትሓዊ ፍርዲ እንተዘይሓቲትካ ካብ እታ ደብዳበ ኻብ መደብ WIC ትወጽእ ከም ዘለኻ እትገልጽ ዕለት ኣሊኻ ናይ መግቢ ረብሓታት ክትረክብ **ኣይትኽእልን ኢኻ**።

## ንፍትሓዊ ፍርዲ እንተ ሓቲተ መሰላተይ እንታይ እዮም?

- እቲ ንናይ ፍርዲ ኩነት ካብቲ ፍትሓዊ ፍርዲ ዝሓተትካዮ ሕቶ እተቐበሉዎ ዕለት ኣብ ውሽጢ 21 መዓልታት ኺግበር ኣለዎ።
- እቲ ናይ ፍርዲ ምልክታ እንተ ወሓደ 10 መዓልታት ኣቐዲሙ ኺመጸካ ኣለዎ።
- እቲ ፍርዲ ክእለት ኣብ ጥቓ እቲ እትነብረሉ ኸባቢ ክግበር ኣለዎ።
- ካልኦት ንክሕግዙኻ ኽተምጽኦም ትኽእል ኢኻ፤ እዚ ንሕጋዊ ረድኤት እውን ዘጠቓልል እዩ።
- ንስኻን እቶም ዚሕግዙኻ ሰባትን ነቲ ኣብ ፍርዲ ዚቐርብ ናይ WIC ፕሮግራም መዝገብ ክትርእይዎ ትኽእሉ ኢኹም።

## ናብቲ ፍትሓዊ ፍርዲ ክኸይድ እንተ ዘይከኣልኩኸ?

ናብ ቤት ፍርዲ ኽትከይድ እንተ ዘይክኢልካ ነቲ ናይ ፍርዲ ዳኛ ኣቐዲምካ ክታፍልጦ ኣሎካ። ሓዱሽ ናይ ፍርዲ ዕለት ክስየም ኢዩ።

## ኣብቲ ፍትሓዊ ፍርዲ እንታይ ይግበር ኢዩ?

- እቲ ዳኛ ነቲ ፍትሓዊ ፍርዲ ያካሂዶ እዩ።
- እቲ ዳኛ ነቲ ንስኻን ናይ WIC ሰራሕተኛታት እትብልዎ ይሰምዕ እዩ። እቲ ዳኛ ፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ኽም ዚግበረልካ ክገብር እዩ።
- ሕቶታት ክትሓትትን ሓበሬታ፣ መሰኻኽር፣ ወይ ካልእ መርትዖታት ከተቕርብን ትኽእል ኢኻ።
- ንስኻ ወይ ውሉድካ ን WIC ብቑዓት ክትኮኑሉ ዘለኩም ስለምንታይ ምኧኑ፣ ስለምንታይ ኣብቲ ፕሮግራም ክትቕጽል ከም ዘሎካ፣ ወይ ነቲ ፕሮግራም ገንዘብ ክትከፍል ዘየድልየካ ስለምንታይ ምኧኑ ኽትገልጸሎም ትኽእል ኢኻ።
- እቲ ዳኛ ን WIC ብቑዕ ከምትኾውን ወይ ኣብቲ ፕሮግራም ክትቕጽል ትኽእል እንተ ኾንካ፣ ወይ ከኣ ኣብቲ መርትዖ ተመርኲስካ ንፕሮግራም WIC ገንዘብ ክትከፍል እንተ ኣድሉይካ ክውስን እዩ።
- እቲ ዳኛ ኻብቲ ፍርዲ ዝሓተትካሉ ግዜ ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ 45 መዓልቲ ብጽሑፍ ውሳነ ኺህብ ኣለዎ። ናይ ውሳነ ደብዳበ እቲ ዳኛ ብኢመይል ኽበጽሓካ ኢዩ። እታ ናይ ውሳነ ደብዳበ ጥርዓኖም ንድግማ እትበሃል ምልክታ ዝሓዘት ክትከውን ኢያ።

## ምስ ውሳነ እቲ ዳኛ እንተ ዘይተሰማሚዓኸ?

ንጸሓፊ Department of Health (ክፍሊ ጥዕና) ነቲ ውሳነ ኺምርምሮ ኽትሓትቶ ትኽእል ኢኻ።

ነቲ ውሳነ ይግባይ ንምባል፣ ነቲ ግምጋም ጥርዓን መሊእካ ናብ Department of Health ን፣ Adjudicative Service Unit ለኣኽ። ነዚ ድማ ካብታ ውሳነ እትገብረላ ደብዳበ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ኽትገብሮ ኣሎካ።

ጸሓፊ Department of Health ከምዚኦም ዚስእቡ እንተ ኾይኑ ነቲ ውሳነ ኪቕይሮ እዩ:-

- ኣብ ሕጊ ጌጋታት ኣሎ።
- እቲ ናይ ፍርዲ ኩነት ብግቡእ ኣይተፈጸመን።
- እቲ ዳኛ ንጹር መምርሒ ኣይሃበን።
- ነቲ ውሳነ መመኽነይታ ንምቕራብ እኹል መርትዖ ኣይነበረን።

ንውሳነ እቲ ጸሓፊ ኣብ ቤት ፍርዲ ኽትምርምሮ መሰል ኣሎካ። እቲ ጸሓፊ ብጽሑፍ ዝገበሮ ውሳነ ነቲ ቤት ፍርዲ ብኸመይ ከምተምርምሮ ከምትክዕል ዝገልጽ መምርሒታት ዘጠቓልል ኢዩ።

**ብዛዕባ ፍትሓዊ ጕዳያት ገለ ሕቶታት እንተ ኣልዩካ ኣብቲ ኽባቢ ናብ ዚርከብ ክሊኒክ WIC ወይ ናብ ቤት ጽሕፈት መንግስቲ WIC ደዊልካ ጸውዕ። ናይቲ ስተት ናይ ናፃ ስልኪ መስመር እዚ ኢዩ 1-800-841-1410።**

እዚ ናይ ፍትሓዊ ፍርዲ ኣሰራርሓ እዚ ኣብ ክፍሊ 7CFR 246.9 Federal WIC Program Regulations (ናይ ፈደራላዊ ፕሮግራም WIC) ከም'ኡውን ኣብ Washington Administrative Code (ናይ ዋሽንግተን ምምሕዳራዊ ኮድ) 246-10 ከም'ኡውን 246-08-520 እተመርኮሰ ኢዩ።

**ናይ ኣመጋግባ ኣገልግሎት ምክልካል ከምኡ’ውን**
**ናይ ማሕበረሰብ ጥዕና ቤት ጽሕፈት**
**Washington WIC**

**WIC ኣድልዎ ኣይገብርን እዩ።**

ብመሰረት ናይ ሲቪላዊ መሰላት ፌደራልን ሲቪላዊ መሰላትን፣ መምርሒታትን ፖሊሲታትን U.S. Department of Agriculture (USDA) (ክፍሊ ግብርናን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ)፣ እዚ ትካል እዚ ኣብ ዓሌታዊ መበቆል፣ ሕብሪ ቆርበት፣ ብሄራዊ መበቆል፣ ጾታ (እዚ ን ጾታዊ መንነትን ጾታዊ ዝንባለን ሓዊሱ)፣ ኣካላዊ ስንክልና፣ ዕድመ፣ መሰረት ገይሩ ወይ በ'ቶም ቅድም ክብል ዝተኻየዱ ናይ ሲቪላዊ መሰላት ምንቅስቓሳት ሕነ ንምፍዳይ ብዝብል ኣብ ሰባት ተነጽሎ ካካይድ ክልኩል እዩ።

ናይ'ዚ መደብ ሓበሬታታት ካብ ቋንቋ እንግሊዘኛ ወጻኢ ብኻልኦት ቋንቋታት ክቐርብ ይኽእል እዩ። እቶም ኣካላዊ ስንክልና ዘለዎም እሞ ናይ'ዚ መደብ ሓበሬታታት ንምርካብ ካልኦት ኣማራጽቲ መገዲታት ርክብ ዝጠልቡ ሰባት ( ን ኣብነት፡ ብሬይል፣ ዓብዪ መጠን ፊዳላት ዘለዎ ሕትመት፣ ናይ ድምጺ ቅዳሕ፣ ምልክት ቋንቋ ኣሜሪካ)፣ ነቲ ሓላፍነት ወሲዱ ነዚ መደብ ዘመሓድር ወይ ን ናይ USDA TARGET Center (ማእከል ዕላማ) ብ (202) 720-2600 (ድምጺን TTY ን) ተጠቒሞም ክረኽቡ ወይ በቲ ናይ ፌደራል ኣገልግሎት ሪለይ (800) 877-8339 ተጠቒሞም ምስ USDA ክራኸቡ ኣለዎም።

ኣብ'ዚ መደብ እዚ ንዘጋጠመ ተነጽሎ ዝምልከት ጥርዓን ንምቕራብ፣ እቲ ጥርዓን ዘቕርብ ሰብ ን ቅጥዒ AD-3027፣ ቅጥዒ ጥርዓን ተነጽሎ መደብ USDA ኣብ'ዚ ዝስዕብ ብ ኦንላይን ረኺቡ መሊኡ ክዛዝም ኣለዎ: https://www.fns.usda.gov/sites/default/files/resource-files/ad3027-tigrinya.pdf፣ ካብ ዝኾነ ቤት ጽሕፈት USDA፣ ናብ (866) 632-9992 ብምድዋል ወይ ኣድራሻኡ USDA ኢሉ ዝተጽሓፎ ደብዳበ ብምጽሓፍ። እቲ ዝጸሓፍ ደብዳበ ናይ'ቲ ጥርዓን ዘቕርብ ሰብ ስም፣ ኣድራሻ፣ ቁጽሪ ቴሌፎን፣ን ነቲ ዘጋጠመ ፍጻመ ተነጽሎ ብዝምልከት ናይ'ቲ ተፈጺሙ ዝተብሃለ ጥሕሰት ሲቪላዊ መሰል ባህሪን ዝተፈጸመሉ ዕለትን ን Assistant Secretary for Civil Rights (ASCR) (ተሓጋጋዚ ጸሓፊ ሲቪላዊ መሰላት) ንምግላጽ ዘኽእል እኹል ዝርዝር ትሕዝቶ ዘለዎ ናይ ጽሑፍ መብርሂ ዝሓዘ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ተመሊኡ ዝተዛዘመ ቅጥዒ AD-3027 ወይ ደብዳበ ናብ'ዚ ዝስዕብ ኣታዊ ክኸውን ኣለዎ፡

**(1) ፖስታ:**
U.S. Department of Agriculture
Office of the Assistant Secretary for Civil Rights
1400 Independence Avenue, SW
Washington, D.C. 20250-9410፡ ወይ
**(2) ፋክስ:**
(833)256-1665 ወይ (202) 690-7442፡ ወይ
**(3) ኢሜይል:**
program.intake@usda.gov

እዚ ትካል እዚ ማዕረ ዕድላት ዘቕርብ እዩ።
ናይ ዋሽንግተን WIC ኣድልዎ ኣይገብርን እዩ።

እዚ ሰነድ ብኻልእ መንገዲ ክቐርበልካ ንምሕታት፡ ብ 1-800-841-1410 ደውል። ጽሙማን ወይ ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለኩም ዓማዊል፡ ብኽብረትኩም ደውሉ ናብ 711 (ዋሽንግተን ሪለይ) ወይ ኢመይል ናብ WIC@doh.wa.gov።

DOH 962-105 November 2023 Tigrinya